# ማዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ (Eritrean Martyrs Day)

## ከተማ ሳንሆዘ ካሊፎርንያ (San Jose California )



ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሳንሆዘን ከባቢኣን። ብመጀመሪያ ልባዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም። ብምቕጻል ኣብሂወትኩም ጥዕና፡ ኣብ መነባብሮኹም ዓወት ንምነየልኩም። ታሪኽ ሃገርና ዋናታቱ ንሕና ከም ምኳና መጠን ሓበን ይስማዓና። እዚ ንሕበነሉ ታሪኽ: ኩልና ከምእንፈልጦ ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ፡ ኣብ ዓለም ብጀካ ኣብ ውሑዳት መዋዳድርቲ ዘይብሉ፡ ብሉጻት ዜጋታ እዛ ሃገር ሂወቶም ምእንቲ ሰላምናን ራህዋናን ከም ሽምዓ ዝመኸኹሉ ታሪኽ እዩ። ታሪኽና ህዝቢ ተበሳቢሱ፣ ኣዕጽምቲ ተኸስኪሱ ደም ፈሲሱ ዝተቐርጸ ታሪኽ እዩ። ታሪኽና ፍሉይ “ ኣነ ክብጀ ንስኻ ጽናሕ’’ እናተባህለ ዝተሰነደ ታሪኽ እዩ። ነዚ ታሪኽ እዚ ንምፍጻም ዝተኸፍሎ ቁጽሪ ውሑድ ኣይኮነን።

ሃገር ልዕላውነታ ምስ ተደፍረ በብዘሎዎ ንድሕነት ህዝብን ክብራን ሂወቶም ዝወፈዩ/ ዝወፈያ ተወሳኺ ቁጽሪ እዩ። እዞም/እዘን ነዚ ቁዱስ መንፈስ ሂወቶም/ሂወተን ዘሕለፉ/ዘሕለፋ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብድሕሪኦም/ብድሕሪኤን ኣረገውቲ ወለዲ ዝገደፉ/ዝገደፋ፣ ዘኽታማት ቆልዑ ዝገደፉ/ዝገደፉ፣ ሓዳር ዝገደፉ/ዝገደፉ ከምዘለዉ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። እሞ ነዞም ምእንቲ ህላወና ዝተበጀዉ ሰማእታት ንስድራ ቤቶም ተስፋ ንህቦም ኣሎናዶ? ኩቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን፣ ነዛ ኣብ ዓመት ሓንቲ መዓልቲ መብጻዓና እነሕድሰላ ዕለት ዝገደፍና ገዲፍና ንስለ ክብሮምን፡ ንሰለ ስድራቤቶም ክብርን ኣብዚ ተባሂሉ ዘሎ ቦታን ዕለትን ብሓባር ክንዝክሮም ቐጻራና ይኹን።

Central Park

909 Keily Blvd Santa Clara Ca 95051

ዕለት፡ ሰነ 20 2015 ( June 20 2015 )

ግዜ፡ 1:00 ድህሪ ቀትሪ ( 1:00 pm )

ብደሓን ምጹ።

ገብረንጉስ መስመር

ሳን ሆዘ ካሊፎርኒያ ( San Jose California)